ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ
ቤት/ጽሕፈት ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ

المكتب الاقليمى لأمريكا الشمالية
المجلس الوطنى الارترى للتغيير الديموقراطى

Eritrean National Council for Democratic Change
Regional Office of North America

# ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ኣቦ መንበር ፈ/ቤት ጽሕፈት ኤሃባደለ ካብ ስልጣኑ ምውራድ ብዘርኢ ዘውጽኦ መግለጺ

ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ብዛዕባ እቲ ንዶር ዮሱፍ ብርሃኑ ካብ ኣቦ መንበርነት ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶ ካብ ሓላፍነቱ ናይ ምውራድ ብመሪሕነት ባይቶ ብሓፈሻ፣ ብኣቦ መንበር ኣቶ ጸጋይ ዮሃንስ ከኣ ብፍላይ ዝተወሰደ ሃንደበታዊ ስጉምቲ ንምዝርራብ ዓርቢ ነሓሰ 2, 2013 ህጹጽ ኣኼባ ኣካይድና ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ከኣ ኣመሓላሊፍና።

1. እዚ ስጉምትዚ ንሕገ-ህንጻ ባይቶና ስለዝጻረር ዘይሕጋዊ፣ ንኣባላት ባይቶ ብዘይ ምእካብን ብዘይ ምውካስን ስለ ዝተገብረ ዘይደሞክራስያዊ፣ ንሰብኣዊ መሰል ዶር ዮሱፍ ብርሃኑ ስለ ዝግህስ ከኣ ዘይፍትሓዊ፣ ክንብል ነጺግናዮ ኣሎና።
2. ኣቦ መንበር ባይቶ ከም ኣሰራርሓ ኣብ ውሽጢ ሃገራዊ ባይቶ ኣተኣታትይዎ ዝጸንሐ ምልካዊ መኣዝን ዝሓዘ ባህልን፣ ግዝኣተ ሕጊ ዝጥሕስ፣ ዘይደሞክራስያውን፣ ዘይሕጋውን ኣሰራርሓ ንቃወም።
3. ኣባላት ባይቶ ሰሜን ኣሜሪካ ሕገ ህንጻ ሃገራዊ ባይቶ ዓንቀጽ 52 ብምምርኳስ ኣብ ልዕሊ ኣቦመንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ብኣቦ መንበርን መሪሕነት ባይቶን ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ዘይሕጋዊ ምዃኑን፣ ብዝቐልጠፈ እዋን ከኣ ክሰሓብ ከም ዘለዎን ነማሕጽን። ነዚ ዘይሕጋዊ ውሳኔ'ዚ ዝደገፉ ኣባላት ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ከኣ ብሓልፍነት ተሓተትቲ ምዃኖም ነፍልጥ።
4. ባይቶ ንህዝቢ ስለ ዝውክልን ብሕጊ ተቐይዱ ዝኸይድ ትካል ከኣ ስለ ዝኾነን፣ ህዝብና ሃገራዊ ባይቶን መሪሕነቱን ንረብሐኡ ክሰርሕ ክቆጻጸሮ ከም ዘለዎ ንጽውዕ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

ኤሃባደለ ሰሜን ኣሜሪካ
ነሓሰ 2, 2013